## መንእሰይ ወይልካ ወይልካ

ናይዝኩሉ ሕሰም ተፈዳይ ንስካ
ኺናት እመጽእ እልክም ነዓካ
መዝመዛ ጉልበት ኣብግድዓካ

ሕሰም መከራ በብተራ
ኣብ እንግድዓካ ሰፈራ
ምስ ጸበበካ እቲህሱም ናብራ

ዘይሓልፍ ሺግር ምስተዳራረበካ ገና
ሃጽ ኢልካ ትስደድ ናብዓድጓና
እዛ ግዜ ኣብርሴካ ጨካን እንድያ ኮይና

ናተይ ዝበልካዮ ገዲድካ
ክንዲ ተኣዘዝካ ተማእዘዝካ
ከም በቅሊ ብኮርማጅ ተገሪህካ
ከም ብራይ በርዑት ተቆሪንካ
ከም ጤል ብእዝንካ ተወጢጥካ
ከም ኣቅሓ ኣብ ኮንቴኔር ተዓጺካ
እዝኩሉ ሕሰምስ መንእሰይ ነዓካ
ዓቅልካ ምስጸንቀቅካ
ንሊብያ ነቂልካ

ካብ ሱዳን ንሊብያ
ናይ ቪዚነስ መንኪና ተሰቂልካያ
ጉዕዞ ሰሃራ ሞ ከመይ ረኪብካያ

ካብ ጨካን ስርዓትሲ ናብ ጽምጽም በረካ
ሓረግ ኮይኖም ሺግር ተጣማጢሞምካ
ብጽምእን ጥምየትን መይቶም ኣብሳሃራ መጛዕዝትካ
እስካ ምስቶም ብሂወት ዝተረፉ ንሊብያ ኣቲካ
ገና ቀጻሊ እዩ ደሎ ናይ ጸገም ጉዑዞካ
ገለክፋል ዝነበሩ ምሳካ
ተቀይዶም ኣለዉ ብናይ ቀዛፊ ማሕለካ

እቲ ጸገም ምስቲ ሓደገኛ ጉዕዞ

መሊስካ ብሓዲሽ ትተሓሓዞ

ዝከፈልካ ከፊልካ ጉዕዞ ባሕሪ
ሓዲግ ሰማይ ሓዲግ ምድሪ
ሞትካ ዘይብሉ ነጋሪ
ሬሳካ ዘይብሉ ቀባሪ
ቀለብ ዓሳ ትከውን ኣብቲ ውቅያኖስ ባሕሪ
ጸገምካ ርእዩ እቀበልካ ፈጣሪ

ተገፊዕካ ብሰብ ከማካ
ምዓስ ጸሊእካዮም ዓድካ ምስ ስድራካ
እንተዝጥዕመካ ደኣ ስደት እምቤይ ምሓረካ
መዕስ መሪጽካዮ ናብራስደት
ደይ ምስ በዝሓካ ሓሳረ መከራ ውርደት
ደይ ነቲ ጨካን ስርዓት ሲኢንካሉ ኣንፈት

መስኪናይ ወላዲ ዝተረፈ ኣብዓዲ
ካብ ኢዱ መንጢሎም ብግዲ
ወሲዶሞ ካብ ገዝኡ ካብዓዲ
ኮር ተገምጠል ማይንዓቀብ ጉዳም ፍርዲ
ኣብ ክንዲ ወዱ ፈሪዶሞ 50.000 ክዓዲ
እቲ ዘይብሉ ዘይረከበ
ኣብ ማሕቡስ ተኣከበ

ዕዳ ተሸኒኑ ኣብማሕቡ ተዳጉኑ
ደቁ ሲኢኑ ጉህዩ ሓዚኑ እነብዕ ደኒኑ

ኣቦ ከዳዕ ኣዩ ሺሙ
ምረገም እያ ዓቅሙ
ዝፈልጠሉ ኣይረከበን ጸገሙ
እራገም ኣሎ ኣሕሲሙ ኣሕሲሙ

ወላዲቱ ከ ከመየላ
ገጻ ተበሊላ
ውቃቤኣ ተዳሂላ
ትነብዕ ትበኪላ
ብውሉዳ ተሻቂላ
ሕማቅ ኣላ

ትዓርቅ ትጠሚ ትጻገም

መሬት ጠፍጢፉ ትራገም
እዝኩሉ መርገም ንዕጨእምኒ

መሳኪን ወለዲ ወለዲ
ሕማቅ ረኪቦም ኣብማከል ዓዲ
ኣንታ ኣምላክ ምእንቲ ውሉድ ወላዲ
ምሕረት ትውርደልና ግዲ
ንመራሕትና ሓብሮም ኣትሕዞም ቅኑዕ መንገዲ
ሺሻይና ክንምገብ ናይ ሃባር መኣዲ
ሕጊ ክነግስ ክንረክብ ቅኑዕ ፍርዲ
ኣንታ ኣምላክ ሎምስ እወግሓልና ግዲ ግዲ
ምእንቲ ፍጡርካ ውሉድ ወላዲ
ተስፋልደት/ገ